ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ
ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል ካሰል 2008
ክፍሊ ዜናን ባህልን።

جبهـة الإنقاذ الوطني الإرتريـة
إقليم أوروبا
قسم الإعلام والثقافة

**Eritrean National Salvation Front**
**Europe Zone**
**Information and Culture office**

# ሰላማዊ ሰልፊ ስለምንታይ ኣብ ካስል?

እዚ ሕቶ እዚ ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ ሰባት ከም ሕቶ ኣልዒሎም ነናቶም ርእይቶ ይህቡሉ ኢዮም። እቲ ሕቶ ግን ግቡእ ሕቶ ስለዝኾነ መልሲ ወይ ድማ መብርሂ ክወሃቦ ዝግባእ ኢዩ።

እዚ መልሲ እዚ ቀዳማይ ነገር እቲ ሰላምዊ ሰልፊ ንኺይዕወት ህግደፍን መሰልቱን ካብ ዘውርይዎ ዓንቃፊ ቤላ በለው ኣውጺኡ ኣብ ቁም ነገር ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ ከም እንሓስብ ይገብር ጥራሕ ዘይኮነ፡ እቲ ሰላምዊ ሰልፊ ንምዕዋቱ ኩሉ ደላይ ሰላም ወዲ ሃገር ብናይ ሓባር ኣረኣእያ ክሰርሕ የኽእሎ። ብካልኣይ ደረጃ ድማ ናይ ህግደፍን ተሓባበርቱን /ከደምቱን/ ካብ ዘውርይዎ ሓሶታትን መወናበዲ ወረን ንድሕን። ስለዝኾነ እቲ መልሲ ናይቲ ሕቶ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1. ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ካስል ክኸውን ዝተመርጸሉ ምኽንያት፡ ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበረሉ ተወሲኑ ዘሉ ሰሙን ኣብ ካስል ካብ ኩሉ ዓለማት ዝመጹ በጻሕቲ/ ቱሪስት/
   ክመጹ ምኳኖም ስለ ዝተፈልጠ።

2. እቲ ኣብኡ ዝግበር ፌስቲቫል ምምሕዳር ከተማ ካስል ናቱ ውራይ ገይሩ ስለዝርእዮ፡
   ኣብ ፊቲቫል ካስል ዝተገብረ መደባት ናብ ኩሉ ክዝርግሖ ምኳኑ ስለእንፈልጥ።

.

3. መልእኽቲ ሰላማዊ ሰልፊ ካስል ብምምሕዳር ካስል ኣቢሉ ናብ ኩሎም መንግስታውን ዘይመንግስታዊ ትካላትን፡ ኤምባስታትን፡ ናይ ዜና ማዕከናትን፡ ክበጽሕ ከም ዝኽእል ስለእንኣምን።

ብጠቕላል ኣዘራርባ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ካስልን፡ ኣብ ቦንን፡ ኣብ ፍራንክፉርትን ኣብ በርሊንን ምግባር ውጺእቱ ሓደ ምኳኑ ስለእንፈልጥ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ካስል ክግበር ከም ዘሎዎ ምውሳን ብትክክል ኣብ ቦታኡ ዘሎ መደብ ኢዩ።
ስለዝኾነ እቲ ትክክለኛ መልሲ ናይ እቲ ሕቶ እዚ ኢዩ። ነዚ ትክክለኛ መልሲ ንጎድኒ ገዲፍካ ብገርሂ ይኹን ብጉርሒ ብናይ ባዕልኻ ኣተሓሳስባ ኣብ ሽንኮለል ምእታው ግን እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ ኢዩ። ወይ ድማ ከምቲ ናይ ህግደፍ ተዋስኦ ስሳስ ኣላታ ኮይኑ ኢዩ ዝረአ። ወይ ከኣ ዋላ ትንፈር እምበር ጤል ኢያ ዝዓይነቱ ንቑጽ ኣተሓሳስባ ኢዩ ኢና እንብሎ።
እዚ ስለዝኾነ ድማ ኢዩ ኣብ ካስል ሰላማዊ ሰልፊ ክካየፈድ ተዋዲዱ ዘሎ። ከምቲ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝተገልጸን ዝግለጽ ዘሎን ድማ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ካብ ዘመሓላልፎም መልእኽቲ ድማ ቀዳማይ ህዝቢ ኤርትራ ብዓመጸኛ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝወርዶ ዘሎ ሕሰመ መከራ ንህዝቢ ዓለም ንምምሕልላፍ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ መልእኽቲ ድማ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ባህላዊ ምርኢት ንህዝቢ ዓለም ንምእማትን፡ ኣብ ስደት ንዝተወልዱ ድቅና ባህላዊ ምርኢት ህዝቦምን ሃገሮም ክፈልጡ ከም ዘሎዎም ንምግባር፡ ብኡ ኣቢሉ ከኣ ፍቕሪ ሃገሮምን ህዝቦም ክሓድሮም ንምሕጋዝ ኢዩ።

ስለዝኾነ ነዚ ቅዱስ ዕላማ እዚ ክዉን ንምግባር: ኩሉ ወዲ ሃገር ነቲ ተዋዲዱ ዘሎ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፊ ብምልኣት ክሳተፎ ብክብሪ ንዕድም። ብፍላይ ከኣ መራሕቲ ውድባትን፡ መሰረታት ውድባትን፡ በርገሳውያን ማሕበራትን ነዚ ናይ ሓባር ዕላማ ኣብ ምዕዋት ዝግበር ሰላማዊ ሰልፊ እዚ ብምልኣት ክስተፉ ደጊምና መጸዋዕትና ነመሕላልፍ።

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል ካስል
ክፍሊ ዜናን ባህልን።